# ጸዳል ፍትሒ፡ ኣብ ቅርዓት ካፒቶል ሂል!!

## ህዝባዊ ሰልፊ ንሃገራዊ ክብረት !

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሳላ'ቲ ዘይዕጸፍ ድሌቱ፡ ተስፋ ሰኒቑ፡ ምስ ጸዋር ባህርያቱ፡ ትብዓት ተቐኒቱ፡ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን፡ ኣንጻር ኩሉ ከበባን ተጻብኦታትን መኪቱ፡ መስዋእቲ ዓሰርተታት ኣሻሓት ዝፈትዎም ደቁ ከፊሉ፤ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ሓገዝ፡ ሞራል፡ንዋት ኮነ ፖለቲካዊ ደገፍ፡ ንበይኑ ተቓሊሱ ኣኽሊል ናጽነቱ ደፊኡ፡፡

እታ ነዋሕ ጸልማት ለይቲ ተቐንጢጣ ምስ ወግሐት፡ ኹሉ'ቲ ሓሳረ-መከራ ምስ ኣብቅዐ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ እተፈጸመ በደላት፡ ንዝርያ ናይ ዝተፈላለዩ ሓያላት: በደላቶም ከይተጸባጸበ፡ ልቢ ኣዕብዩ ንቅድሚት ክጥምት መሪጹ፡፡ ከም ኣባል ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ዓቕሙ ብዘፍቅዶ ንጸጥታን ርግኣትን ዓለምና ክሰርሕ ብሓድሽ መንፈስ ተበጊሱ፡፡ ነቲ ዓንዩ ባይታ ዘቢጡ ዝነበረ ቑጣባውን ማሕበራውን ኩነታት ሃገር፡ ዳግም ክበራብር ድማ ናብ ስርሕ እዩ ተጸሚዱ።

ንቑሩብ ግዜ ሰላም ከነስተማቕር፡ ዘተባብዕ ትስፉው ዕብየት ከነመዝግብ፡ ኣብ ጎደና ምዕባለ ክንምርሽ ኣብ ዝጀመርናሉ፡ ሰብ ነገርና፡ ነቲ ጥዑይ ኣካይዳና፡ ብውሽጣዊ ዓቕምና፡ ነቲ ፍቱን ስነ-ፍልጠታውን ናይ ነብስኻ ምኽኣል ፍልስፍናና፡ ውድቀቱ ዝምነዩን፡ ስለ ዘይፈትውዎን፡ ጉዕዞ ንምኹላፍ፤ ዶብ ኣሳቢቦም፡ ክልተ ዓመት መመላእታ ዝወሰደ ኣብ ደማዊ ኩናት ከም እንጥበስ ውዲት ኣሊሞም፡ ነቲ ባዕላትና መሪሕና መገዲ ዘርኣናዮ ከዳዕ ጉጅል ወያነ ብእተገብረሉ ኩሉ ዓይነታዊ ክንክንትን ሓገዝን ዝተዋህቦ መመርሕን ድማ፡ ንኤርትራ ኣብ ናይ ሕልሚ ካርትኡ ቀሊምዋ፡፡ ናጽነትና ከነውሕስ ድማ፡ ዳግም ህይወት ኣሻሓት ብሉጻት ክንከፍል ተገዲድና።

ሃንደስቲ ናይ እዚ ኹሉ ኣብ ልዕሌና እተፈጸመ በደላት ኸኣ፡ ኻልኦት ዋናታት ከምዘለውዎ፡ ምስ ግዜን ኩነታት በሪሁ'ሎ፤ ኣብ ግዝይኡ ድማ ብሕጊ ከም ዝሕተትሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ንሕና ግን ኣብ ቅድሚ እዚ ኹሉ ሓያል ፈተነታት ሳላ ሓያል ጥምረትናን ቅንዕናናን፡ ንኹሉ ወራር ኣፍሺልና፡ ኣብ ቤት ፍርዲ መጉትና ረቲዕና። ይኹን እምበር ድሕሪ'ዚ ኹሉ ቃልሲ፡ እቲ ተጻብኦ ገና ኣይተቐንጠጠን መዕለቢ ኣይተረኽቦን፡፡ ከም እተባህለ እቲ ናይ ዶብ መማሳመሲ ድኣ እምበር፡ እቲ ሓቐኛ ተልእኾስ ንህላውነት ኤርትራ ከምዘይቅጽል፡ ናጽነትና ብባርነት ክትካእ'ዩ ኔሩ እቲ ዕላማ።

ነቲ ብቤት-ፍርዲ ዘረጋገጽናዩ ዋንነት መሬት፡ እቲ ዝድለ መስርሕ ከይቀላጠፍ ዝዕንቅጽ፡ ወያነ ካብ መሬትና ከይለቅቕ ዝከላኸል ናይ ዓመጽ ሓላው ልዳት እውን መን ምዃኑ ብግብሪ ክንርእዮ ኪኢልና ኢና።

ነቲ ኹሉ ፈተነታት መኪትና ኣሰኒፍና፡ ላዕለዋይ ኢድ ሒዝና ወጺና። ናብ'ቲ ኣቐዲምና ዘበገስናዮ ውራይ ዳግማይ ናይ ልምዓት መደብ ከይነሰላስል ሕልኮ፡ ጅሆ ናይ ኣይኩናት ኣይሰላም ኮይንና ዝሮ-ምሮ ክንተርፍ፡ ንእተጠናነገ ተንኮላት እውን ነቒሕናሉ፡፡ ወፍሪ ዋርሳይ እካአሎ ኣበጊስና፡ ሱር በተኸ ዘተኣማምን ቑጠባዊ ሕውየት ከነረጋግጽ ኣመት ኣብ እተራእየሉ፡ ብኻልእ መልክዕ ተጻብኦ፡ ግዳማዊ ወፍሪ ንምዕጋትን፡ ንኣውፈርቲ ምፍርራሕን ምድንጋራትን ገና እቕጽል ኣሎ።
"እቲ ኸልቢ እነብሕ እቲ ገመል ግን ጉዕዝኡ ይቕጽል" ኣብ ዝብል ኤርትራዊ ብሂል ነኺስና ዕንቅፋት እናኣለና ከሎና ድማ፡ ኣብ'ዚ መወዳእታ እዋን ዘበገስዎ ዝለዓለ ቀቢጸዊ ስጉምቲ፡ ምስልና ንምድዋን ንኤርትራ ምስ ዕግርግራትን ህውከትን ሶማላውያን ኣጣቢቕካ፡ ብዘይ ሓደ መርትያን ጭብጥታትን፡ ባዕላቶም ከሰስትን መጎትን ፈረድትን ብምኳን፡ ታሪኽ እቕረ ዘይብሎ፡ ንኻልኣይ ግዜ ዓቢ ታሪኻዊ በደል፡ ብስም ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ 2009፡ ኣብ ልዕሌና፡ መፍቶ ጸላእቲ ክንከውን፡ ነብስና ከይንከላኸል ናይ ኣጽዋር እገዳ ክውሰን ተጌሩ፡፡ ብድሕሪኡ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ 2011፡ ተወሳኺ ቁጣበዊ እገዳ ክድረብ፡ ካብ'ቶም ኣብ ወጻኢ እንነብር ኤርትራውያን ዝእከብ ናይ 2% መሕወይ ግብሪ ንኽይዋጻእ፡ ስድራ ጽጉማት ስድራቤታት ሓገዝ ክንፈገን፡ ድርብ ዝመለኪዒኡ ስጉምትታትን ዕንቅፋታትን ምግባር፡ ዕልታዊ ውራዮም ኮይኑ'ሎ።

እዚ ኹሉ ፈተነታት፡ ንልዕሊ 14 ዓመታት ብዘይ ዕረፍቲ፡ ሓደ ድሕሪ'ቲ ሓደ ዝኸይድ ዘሎ ኣዝዩ ዘደንጹን ዘገርምን ፍጻመ ገጢሙ ህላውነቱ ዘውሓሰ፡ ካልእ ህዝቢ'ስ ከም'ዚ ከማና ኣሎ ክትብል ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ ኤርትራ ኢዶም ዘየንበሩ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ጥራይ እዮም። ብዘይምግናን።
ንኤርትራውያን ግን ከም'ዚ ዓይነት ዘይንቡር ተራኢዮታት፡ ብርግኣትን ብልሓትን፡ ከም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ፡ ንልዕሊ 70 ዓመታት ዝተረባረበናሉ እተመኮርናሎ ጉዳይ፡ እቲ ንኽንርዕድ ንኽጃጅ፡ ብኡ ኣቢልና ድምጽና ከይተሰምዐ ክንጠፍእ ዝተኣልመ ሽርሒታት ግን ብኣንጻሩ፡ ዝያዳ ከም እንሕይል፡ ሓድነትና ከም ዝትርንዕ ዝያዳ ንነቕሕ ንምኮር፡ ዝያዳ ዕጥቅና ከም ዝተርር ኮይንና ኢና ወጺና፡፡

እዚ ዘሐብን ኤርትራዊ ያታ ኣዋህሊልዎ ዘሎ ጸዓት ድማ ብሕጂ ነዊሕ ዝኸይድ ትሓጃ ኣለዎ። ብሕጂ ዝቕልቀል ብድሆታት ብውሁድ ቅኒት ኣብ ሓደ መስርዕ ሰሚርና ክንገጥም ብቕዓትና ውሑስ'ዩ። ንጥፍኣትና ተባሂሉ እተጠጅአ መርዚ፡ ብኣንጻሩ ከም ጸበል ንመንፈስና ኣረስሪሱ፡ ንውዲት ጸላእቲ ትምህርታዊ ጽፊዕት ከምዝህብ ኣረጋጊጽና ንፈልጥ። ነቲ ብኪኢላታት እተፋሕሰ ረቂቅ ብልሓትን ሕልኽላትን ድማ ላሕሊሑ ኣብ ደረጃ ምብትታን በጺሑ ኣሎ።
እንተ እቲ ካብ ቅድሚኡ ዝነበሩ ዝወደቑ ስርዓታት፡ ክመሃር ኣእምሮ ዘይተዓደለ ስርዓት ወያነ፡ ቅድሚ 65 ዓመታት እገብር በልዩ ዝተጓሕፈ፡ ናይ ከፋፊለረካ ኣዳኽም መስፍናዊ ክልሰ-ሓሳባዊ ሽሕር፡ ውድቀት ክደግም፡ ንሓደ ሓደ ዲዞታት ወይ ስራሕ ዝሰኣኑ ዓሲቡ፡ ተመሳሰሊ ስጉምቲ ክወስድ፡ ኣብ መቐለ..ጎንድር.. ሃዋሳን ተዓሊማት ክህቦም ጸኒሒሑን ኣሎን። ከም ውጽኢት ትምህርቶም ድማ ዘርእይዎ ዘለዉ ተዋስኦታት መስሓቕ ዓለምና ኾይኑ ኣሎ። እዚ ኸኣ ዕራርቦ ጻሓይ ወያነ ምዃኑ ዘነጽር መርኣያ እዩ።

ኣብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ መድርኽ ኣብ’ዚ ቀረባ መዓልታት ነታ ዘውዲ ዝደፋእናላ ዓባይ ዕለት መበል 21 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ነታ ዓባይ ዕለት እንጽንበለሉ መዓልታት እንጽብጸበሉ ግዝያት፤ ነዚ ህዝባዊ ፌስታ ካብ ዝሓለፈ እዋን ብፍሉይ ድምቀትን ከነብዕሎ ኢና። እታ ዓባይ ሓሙስ 24 ኣብ ክብብ ኤርትራውያን ናይ ደሰ-ደስ መኸፈቲ በዓል ክህልወና’ዩ፡ ጽባሕ እታ ዓባይ ዕለት ድማ ዓርቢ 25፡ እታ መዓልቲ ሓርነት ዘብረቐት መዓልቲ ስለ ዝኾነት፡ ኣብ ጎደናታት ወጺና ”ጸዳል ፍትሒ ኣብ ቕርዓት ካፒቶል ሂል” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ እተወደበ ህዝባዊ ናይ ጽንዒ ሰልፊ ክህልወና ተወዲቡ’ሎ። ኣብ ኩርባታት ካፒቶል፡ እታ ሰንደቕ ደቂ ሓደ ልቢ እንዳንበልበለት፡ ልሳን ኤርትራውያን በቲ ብነጎድጎዳዊ ድምጾም፡ ኣብ ኣፍደገ ሰብ ስልጣን ቀሪብና፡ ፍትሒ ንኸረጋገጽ፡ ጉዳይና ሰማዒ ክረክብ፡ ነቲ ኣቐዲምና ብጽሑፍ ዝሓተትናዮ ጠለባት፡ ብኣካል ቀሪብና ከነዘኻኽርኦም፡ ዓይኒ ዝሽፍት ውዕሎ፡ ንሃናጺ ጽምዶ ክንምሕጸን ዘጠቓለለ ጉዳይ ክኸውን እንከሎ፤ በቲ ሓደ ወግን ድማ ነቲ ዶባት ገጥ ኣቢሉ ብሓቦን ጽንዓትን ንዓመታት ኣትኪሉ ዘሎ ሓላው ወሰንን ኣፍራይን ሰራዊትና፡ ኣጆኻ ኣብ ጎንኻ ኣሎና፡ እንቛዕ ኣብ’ዚ ኣብጽሓና ዮሃና እንብለሉ፡ ንህዝብናን መንግስትናን፡ ኣብ ጸግዑ ከም ቀደምና ጸኒዕና ክንምክት ቃልና ከነሐድስ እነረጋግጸሉ፡ መግለጽን ቅሩብነትናን እነርእየሉ ሰልፊ እዩ።
ዝተረፈ መደባት ከም ወትሩ፡ ቀዳም ፒኪኒክ፤ ሰንበት ኣብ ኮንቨንሽን ሰንተር ሓባራዊ ትልሂታዊ ምሸትን መዛዘሚ ብዓልና ክኸውን’ዩ።

ዮሃና እንቛዕ ናብ መበል 21 ዓመት ናጽነት ብሰላም ኣብጽሓና።
ኣብ ዝቕጽል ዝርዝር መደባት ሰላማዊ ሰልፊ ክስዕብዩ፡ ተኸታተሉ።
ዓወት ንሓፋሽ፡
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ!!
ዋሽንግቶንን ዲስን ከባቢኣን፡